ኤርትራዊ ሰምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة الارترية للتغيير الديمقراطي

**Eritrean Unity for Democratic Change**

# ኣገዳሲ መግለጺ

ብስም መሓሪ ዝኾነ ኣምላኽ.

ብመንጽር'ቲ ኣብ ዓውዲ ኤርትራ ዝረአ ዘሎ ለውጥን ምዕባለን፣ ውልቓመላኺ ስርዓት ኣስመራ ከኣ ብቓልዕ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገረ ኢትዮጵያ ኣትዩ፣ ምስ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ግጭት ዝሳተፉ ሸነኻት ብምውጋኑ፡ ንሃገርና ኣብ ዓቢ ሓደጋ ኣጻጢሕዋ ይርከብ። ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ኣኽቲቱ፣ ምስ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ደማዊ ግጭት ኣእቲዩ፣ ኣብ ልዕሊ ክልቲኡ ህዝብታት ሰፍ ዘይብል ናይ ህይወትን ንብረትን ክሳራታት ኣብጺሑ'ሎ። እዚ ግጭት'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብኣሉታ ኣንጸባሪቑ ናብ ዝኸፍአ ግርጭታት ከይዓቢ ግን፣ ነዚ መሪር ተመኩሮዚ ሰጊርካ፣ ዝምድና ክልቲኡ ህዝብታት ናብቲ ቅድም ዝነበሮ ንቡር ኩነታት ንምምላስ ናይ ስራሕ ዘመን ኣብ ቅድሜና ደው ኢሉ ኣሎ።

ኩነታት ሃገርና ከምዚሉ ኸሎ፣ ተቓላሳይ ህዝብና ብዝዓዘዘ መንገዲ ንምሕጋዝ ንሕና ምስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ(ኤስደለ) ናይ ዘተ ሽማግለ ብሓባር ኮፍ ኢልና ድሕሪ ሰፊሕን ሃናጽን ዘተ፣ ሃገራውን ፖለቲካውን መርገጺታትና ብምንጻር፣ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት ዝተመርኮሰ ዝምድና ህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ጎረባብቲ ሃገራትን ምድልዳል ከም ዝግባእ ብሓባር ኣረጋጊጽና። ኣብ ርእሲ'ዚ ሓፈሻዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምብራኽን፣ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢን፣ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ንምሕያልን፣ ሃገራውን  ማሕበራውን ጂኦግራፍያውን ብዙሕነት ኤርትራ ኣብ ምዕዛዝ ኤርትራዊ ስምረት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ብምእማንን ብምምስጋንን ምስ ኤርትራዊ ስምረት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ተጸንቢርና መስርሕ ሃገራዊ ቃልስና ብሓባር ክንቅጽል ስጉምቲ ወሲድና ምህላውና ንህዝብና ነበስር።

ዓወት ንተጋዳላይ ህዝብና ።

ዓብዱላሂ ሓምዶይ - ኣመራርሓ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ብጾቱን

መስከረም 14, 202